Alvin

# ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ

## ብመንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 16/2007 ቁ.1 ኣስመራ፣ 20 መጋቢት 2007 ዋጋ 5 ናቕፋ

## ኣዋጅ ቁጽሪ 158/2007

## ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ንምውጋድ ዝወጸ ኣዋጅ

# GAZETTE OF ERITREAN LAWS

## PUBLISHED BY THE GOVERNMENT OF ERITREA

Vol.16/2007 No.1 Asmara, March 20, 2007 Price Nakfa

## Proclamation No.158/2007

## A Proclamation to Abolish Female Circumcision

# ኣዋጅ ቁጽሪ 158/2007

## ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ንምዉጋድ ዝወጸ ኣዋጅ

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ንጥዕና ደቀንስትዮ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘዉድቕ፣ ዘይተኣደነ ቃንዛን ስቓይን ዘስዕብን ንሂወተን ዘስግእን ኣገባብ ስለዝኾነ፣

እዚ ኣገባብ'ዚ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣካላዉን ኣእምሮኣዉን ሙሉእነት፣ ካብ ዓመጽን ኣድልዎን ንዝለወን መሰል ናጽነት፣ ከምኡ'ዉን ካብኡ ኣመና ብዝሓለፈ ናይ ሂወተን መሰል ብምኽላእ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላተን ዝግህስ ስለዝኾነ፣

ቅጽበታዊ ወይ ናይ ዝተናዉሐ ግዝያት ሃሳይ ሳዕቤናት ናይዚ ኣገባብ'ዚ ብዓይነትን ልምድን ናይ'ቲ ዝፍጸመሉ ኣገባብ ስለዝፈላለ፣

ቅጽበታዊ ሳዕቤናቱ ከቢድ ቃንዛ፣ ናብ ሃለፍታ ወይ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል መድመይቲ፣ መቑሰልቲ ኣብ ብልዕትን ከባቢኡን ጉድኣት ኣብ መንጸሩ ናይ ዝርከብ ኣካላትን፣ ምዕጋት ሽንትን ሓደገኛ ረኽስን ስለዘጠቓልል፣

ዝተናዉሐ ሳዕቤናቱ ተደጋጋሚ ረኽሲ ስርዓተ ሽንቲ፣ ነባሪ ረኽሲ ስርዓተ መፍረ፣ ጸገማት ወሊድን (ምምካን) ምምዕባል በሰላታት፣ ከም እናወሰኸ ዝኸይድ ሕበጥ ኣብ ግዳማዊ ብልዕቲን ምዕጋት ምፍሳስ ወርሓዊ ጽግያትን ስለዘጠቓልል፣

እዚ ኣገባብ'ዚ ብልምዲ ክስርሓሉ ስለዝጸንሐን ኣብ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ቦታታት ልሙድ ብምዃኑን፣ ከምኡ'ዉን

መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ንመሰል ደቀንስትዮ ዝግህስ ጐዳኢ ኣገባብ ንምዉጋድ ስለዝወሰነ፣

እዚ ዝስዕብ ተኣዊጁ ኣሎ፡-

ዓንቀጽ 1. ሓጺር ኣርእስቲ

እዚ ኣዋጅ'ዚ "ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ንምውጋድ ዝወጸ ኣዋጅ ቁጽሪ 158/2007" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል።

ዓንቀጽ 2. ትርጉም

ኣብዚ ኣዋጅ'ዚ "ምኽንሻብ ደቀንስትዮ" ማለት፡-

(1) ብምሉኡ ይኹን ብኽፋል ምቍራጽ ጉድበን ዝሽፍኖ ቆርበትን፣
(2) ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ምቍራጽ ጉድበን ንኡስ ከናፍር ርሕምን፣
(3) ብክፋል ወይ ብምሉእ ምቍራጽ ግዳማዊ ብልዕቲ ደቀንስትዮ (ጉድበ ንኡስን ዓበይትን ከናፍር ርሕሚ) ከምኡ'ውን ምስፋይን፣
(4) ዝተቖርጸ ጉድበን ዝተጨንደሐ ከናፍር ርሕምን ንምልጋብ ብእሾኽ፣ ብድርቂ ወይ'ውን ብፈትልን ብኻልእን ምስፋይን፣ ንምጽባብ ርሕሚ ቆጽሊ ወይ ካልእ ነገራት ኣብ ርሕሚ ምእታው፣
(5) ንልምዳዊ ምልክት ዝግበር ደም ምንቃዕ ዘስዕብ ምርምጣጥን ምውቃጥን ጉድበ፣ ወይ
(6) ብዝኾነ ካልእ ቅጥዒ ኣካል ብልዕቲ ደቀንስትዮ ኣብ ምጉዳል ወይ ኣብ ምቍራጹ ምዉፋር

ማለት ኢዩ።

ዓንቀጽ 3. ምኽልካል ክንሻባ ደቀንስትዮ

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ በዚ ኣዋጅ'ዚ ዉጉድ ኢዩ።

ዓንቀጽ 4. መቕጻዕቲ

(1) ዝኾነ ዃለንስተይቲ ዝኸንሸበ ሰብ ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ብዝብጽሕ ማእሰርትን ካብ ሓሙሽተ ሽሕ ክሳብ ዓሰርተ ሽሕ (5,000.00 ክሳብ 10,000.00) ናቕፋ ብዝበጽሕ ናይ ገንዘብ መቕጻዕትን ይቕጻዕ። እቲ ተግባር ሞት ምስ ዘስዕብ እቲ ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ካብ ሓሙሽተ ክሳብ ዓሰርተ ዓመት ይኸዉን።

(2) ዝኾነ ኣቕሑ ብምቕራብ ወይ ብኻልእ ዝኾነ ኣገባብ ዃለንስተይቲ ክትክንሸብ ዝሓተተ፡ ዝደፋፍአ ወይ ዘተባብዐ ሰብ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመት ብዝበጽሕ ማእሰርቲን ክሳብ ሰለስተ ሽሕ (3,000.00) ናቕፋ ብዝበጽሕ ናይ ገንዘብ መቕጻዕትን ይቕጻዕ።

(3) እቲ ንዃለንስተይቲ ዝኸንሸበ ሰብ ኣባል ሙያ ሕክምና ምስዝኸዉን እቲ መቕጻዕቲ ይኸርር። ቤት ፍርዲ ከኣ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ገበነኛ ብሙይኡ እንተበዝሐ ንክልተ ዓመት ከይሰርሕ ክእግዶ ይኽእል።

(4) ዝኾነ ምኽንሻብ ዃለንስተይቲ ከምዝፍጸም ወይ ከምዝተፈጸመ እናፈለጠ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ንዝምልከቶም ሰብ መዚ ከከም ኩነታቱ ብቕልጡፍ ዘየጠንቀቐ ወይ ዘይሓበረ ሰብ ክሳብ ሓደ ሽሕ (1,000.00) ናቕፋ ብዝበጽሕ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይቕጻዕ።

ዓንቀጽ 5. ኣብ ግብሪ ዝዉዕለሉ

እዚ ኣዋጅ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ይዉዕል።

ኣስመራ፡ 20 መጋቢት 2007

መንግስቲ ኤርትራ።